# ብተደጋጋሚ ዝሕተቱ ሕቶታትFAQ: ናይ ስደተኛታት ምትዕርራይ ኩነታት ኢሚግሬሽን ሓደ ዓመት ኣብ ኣመሪካ ድሕሪ ምጽናሕ

***እዚ መምርሒ ጥቅምቲ 2025 ተግባራዊ ይኸውን።***

## ምትዕርራይ ኩነታት ኢሚግሬሽን እንታይ እዩ?

**ምትዕርራይ ኩነታት ኢሚግሬሽን** ስደተኛታት ኣብ ሕቡራት መንግስታት ኣመሪካ ሕጋዊ ቀወምቲ ነበርቲ (LPRs) ክኾኑ ዘኽእሎም መስርሕ ኮይኑ፣ **ብግሪን ካርድ(reen card)** ምርካብ እውን ይፍለጥ። ስደተኛታት ናብ ኣመሪካ ምስ በጽሑ ድሕሪ ሓደ ዓመት ናብ ኣገልግሎት ዜግነትን ኢሚግሬሽንን ሕቡራት መንግስታት ኣመሪካ ዩ ኤስ ሲ ኣይ ኤስ (USCIS) ናይ ኢሚግሬሽን ኩነታቶም ንምትዕርራይ መመልከቲ ከቕርቡ ኣለዎም። እዚ መመልከቲ እዚ ንግሪን ካርድ ብቑዓት እንተኮይኖም ዝውስን ኮይኑ ንስደተኛታት ድማ ብናጻ እዩ። ነብሲ ወከፍ ሰብ ኣብ ስድራቤት እንተላይ ቆልዑ ናይ ገዛእ ርእሶም ቅጥዒ ክእትዉ ኣለዎም። **ኣይ ኣር ሲ (IRC) ኩሎም ስደተኛታት ቅድሚ ኩነታት ኢምግሬሽኖም ንምትትዕርራይ ምምልካቶም ብቑዓት ምዃኖም ንምርግጋጽ ምስ ወሃቢ ሕጋዊ ኣገልግሎት ኢሚግሬሽን ክዘራረቡ ይምዕድ።** ብዛዕባ ምትዕርራይ ኩነታት ስደተኛታት ዝያዳ ሓበሬታ ኣብዚ ክትረኽቡ ትኽእሉ ኢኹም

## ኣነ ቅድሚ ሓደ ዓመት ዝመጻኹ ስደተኛ ኮይነ ክሳብ ሕጂ ንኢምግሬሽን ኩነታተይ ንምምዕርራይ ኣየመልከትኩን – እንታይ ክገብር ኣለኒ?

ኣይትሰንብዱ! ኣብ ኣሜሪካ ንሓደ ዓመትን ልዕሊኡን ዝጸናሕኩም ስደተኛታት እንተኮይንኩም ንናይ ኢሚግሬሽን ኩነታትኩም ንምትዕርራይ ዘየመልከትኩም እንተኮይንኩም፡ ካብ ወሃቢ ሕጋዊ ኣገልግሎት ኢሚግሬሽን ምኽሪ ክትሓቱ ኣትሪርና ንላቦ። ኣብ ቀረባ እዋን ኣብ ፖሊሲ ዝተገብረ ለውጢ ንብቑዕነትኩም ክጸልዎ ይኽእል እዩ። ቅድሚ ዝኾነ መመልከቲ ናብ ዩ ኤስ ኣይ ኤስ (USCIS) ምቕራብኩም ድማ ኣማራጺታትኩም ምርዳእ ኣገዳሲ እዩ። ዝርዝር ናይ'ቶም ትሑት ወጻኢታት ዘለዎም ወሃብቲ ሕጋዊ ኣገልግሎት ኣብዚ ክትረኽቡ ትኽእሉ ኢኹም ወይ ድማ ብቑዕ ጠበቓ ኢሚግሬሽን ኣብዚ ክትረኽቡ ትኽእሉ ኢኹም። ካብ እሙን ወሃቢ ኣገልግሎት ጥራይ ከም ብቑዕ፥ ፍቓድ ዘለዎ ጠበቓ ወይ ብምኒስትሪ ፍትሒ (ዲፓርትሜንት ኦፍ ጃስቲስ) ተፈላጥነት ዘለዎ ሕጋዊ ወኪል ጥራይ ሓገዝ ምሕታትኩም ርግጸኛታት ኩኑ።

## ሓደ ስደተኛ ድሕሪ ሓደ ዓመት ናይ ኢሚግሬሽን ኩነታቱ ንምትዕርራይ እንተ ዘይኣመልኪቱ ክስጎግ ወይ ክእሰር ይኽእል ድዩ?

እቲ ሕጊ ስደተኛታት ድሕሪ ሓደ ዓመት ኣብ ኣመሪካ ምጽንሖም ኩነታት ኢሚግሬሽኖም ንምትዕርራይ ከመልክቱ ይጠልብ። እንተኾነ ከምኡ ስለዘይገበሩ ስደተኛታት ኩነታት ስደትነቶም ክስእኑ ወይ ክጥረዙ ኣይክእሉን እዮም። ብታሪኽ መንግስቲ ኣመሪካ ድሕሪ ሓደ ዓመት ኩነታት ኢሚግሬሽኖም ንምትዕርራይ ዘየመልከቱ ስደተኛታት ካብ ኣሜሪካ ክስጎጉ ኣለዎም ዝብል ፍሉይ ምኽንያት እንተሃልዩ ጥራይ እዩ ዝእሰር ወይ ዝስጎግ።

## ሓደ ስደተኛ ክእሰር ወይ ክጥረዝ ዝገብሮ እንታይ እዩ?

ምእሳር ወይ ምስጓግ ከበግሱ ዝኽእሉ ተግባራት፡ ገበናዊ ፍርዲ፥ ኣብቲ ናይ ስደተኛነት ዘቕርብዎ መመልከቲ ናይ ስደተኛነት ደረጃ ምእንቲ ክትረክብ ንመንግስቲ ኣሜሪካ ምሕሳው፥ ኣብ ግብረሽበራዊ ንጥፈታት ምውፋር ወይ ንሽበራዊ ትካላት ናይ ምድጋፍ ታሪኽ ፡ ከምኡ'ውን ኣብ ምስቃይ ካልኦት ሰባትን ምስታፍ ካልእን ይርከብዎም። ዲፓርትመንት ኦፍ ስቴትስ ኣብ ቀረባ እዋን ሓደስቲ ናይ ወጻኢ ግብረሽበራውያን ትካላት መዚዙ ኣሎ። ነቲ ዝተመሓየሸ ዝርዝር ኣብዚ ብምጥዋቕ ክትዕዘቡ ትኽእሉ ኢኹም። ምስ ዝኾነ እዞም ትካላት ርክብ እንተሃልይኩም ወይ ድማ ዝኾነ ካብዞም ኩነታት ንዓኹም ይምልከት ድዩ ኣይምልከትን ዝብል ስክፍታ እንተ ሃልይኩም፥ ምስ ውሃቢ ሕጋዊ ኣገልግሎት ኢሚግሬሽን ምዝርራብኩም ኣረጋግጹ።

## ስደተኛታት ናይ ኢሚግሬሽን ኩነታቶም እንተዘይኣማዓራርዮም ስራሕ ኽቕጽሉ ክፍቀደሎም ድዩ?

ሓደ ሰብ ኩነታት ኢሚግሬሽኑ ከተዓራርይ ድሕሪ ሓደ ኣመልኪቱ ተኾነ ወይ እንተዘየመልከተ ኩነታት ኢሚግሬሽኑ ግዚኡ ኣይሓልፍን እዩ። ስደተኛታት እውን ንዘይተወሰነ ግዜ ናይ ስራሕ ፍቓድ ረኺቦም ይጸንሑን ኣድላዩ እንተኾይኑ እውን ናይ ስራሕ ፍቓድ ሰነዶም(EAD) ከሐድሱ ይኽእሉ እዮም።

## ስደተኛታት ናይ ኢሚግሬሽን ኩነታቶም እንተዘይኣማዓራርዮም ጥቕምታት ንክረኽቡ ብቑዓት ይኾኑ ድዮም?

ብመሰረት ኣብ ሓምለ 2025, ዝወጸ ሕጊ ብመሰረት መንግስቲ ኣሜሪካ ስደተኛታት ኩነታቶም ክሳብ ናብ ሕጋዊ ቀዋሚ ነባርነት ዘመዓራርዩ ድሕሪ ደጊም ንገለ ፌደራላዊ ጥቕምታት ብቑዓት ኣይኮኑን (ስናፕ) ናይ መግቢ ሓገዝ( SNAP) ክሳብ ንሓሙሽተ ዓመት ኣብዚ ጸኒሖም ኩነታት ኢምግሬሽኖም ናብ ቀዋሚ ሕጋዊ ነባርነት ዝመዓራርዩ። ከምኡ'ውን ካብ ጥቅምቲ 2026 ጀሚሩ ስደተኛታት ንናይ ናጻ ሕክምና (መዲክ ኤይድ) ብቑዓት ኣይክኾኑን ክሳብ 5 ዓመት ጸኒሖም ኩነታቶም ናብ ሕጋዊ ቀዋሚ ነባርነት ዘመዓራርዩ፤ ክሳብ ሕጋዊ ቀዋሚ ነባርነት ዝረኽቡ እውን ኣብ ድኅማ ዝግበረሉ መድሕን ጥዕና ክምዝገቡ ወይ ብመግንገዲ ሕጊ ርትዓዊ ክንክን (ኣፎርዳብል ኬር ኣክት)ግብሪ (ታክስ ክረዲት) ክቕበሉ ኣይክእሉን እዮም። **መተሓሳሰቢ: ብቑዑነት ጥቕሚ ካብ ሓደ ስቴት ናብ ካልእ ስቴት ክፈላለ ይኽእል እዩ፤ ስለዚ ንዝያዳ ሓበሬታ ንትካል ዳግመ ምጥያስኩም ወይ ናይ ስቴት ጥቕምታት ዝፈቅድ ትካል ተወከሱ።**